# ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ኮንፈረንስ ዝጸደቐ፡

# ዲሞክራስያዊ ፖሎቲካዊ

# መደብ ዕዮ

## ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ተሃድሶ ኤርተራ

## ሰ.ደ.ተ.ኤ

## ጥቅምቲ 26 2009

## ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ኮንፈረንስ ዝጸደቐ ፖለቲካዊ መደብ ዕዩ

## ሰውራዊ ዲሞክራሲያዊ ተሃድሶ ኤርትራ (ሰ.ደ.ተ.ኤ)

### *መቕድም*

ኤርትራ ሃገርና ኣብቲ ብኣገዳስነቱ ዝልለ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝተደኮነት ሕጋዊትን ሉኡላዊትን ሃገር እያ። ኤርትራ ብደቡብ ምስ ኢትዮጵያ፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ምስ ጅቡቲ፡ ብምብራቕ ምስ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብምዕራብን ብሰሜንን ምስ ሱዳን ትዳወብ።

ኤርትራ 124,320ት.ኪ.ሜ. ስፍሓት መሬት ትውንን። ካብ ሰሜናዊ ጫፍ ራስ ቁሳር ክሳብ ደቡባዊ ምብራቕ ጫፍ ራስ ዱሜራ ዝሸፍን ልዕሊ ሓደ ሽሕ ኪ.ሜ. ቁመት ገማግም ባሕሪ ዘለዋ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ኣፍደገታት ህንዳዊ ውቅያኖስን ማእከላይ ባሕርን መትረብ ስዊጽን ባብ-ኤል መንደብን ትርከብ። ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ማያዊ መተሓላለፊ መስመር ሙቹእ ኣቀማምጣ ዘለዋ ብዙሓት ደሴታት ትውንን። ኤርትራ ልዕሊ4.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ብ9+ ብሔራት ዝቖመት ብብዝሕነታዊ እምነታትን ጸጋታትን ትልለ ዓለምለኻዊ መለኪዒታት ተቐባልነት ዘረጋገጸት ሃገር እያ። ኤርትራ ጽቡቕ ባህርያዊ ትዕድልቲ ስለዘለዋ ድማ ብባዕዳውያን ወረርቲ ተጠማቲት ኮይና ተተባራርዮም ክገዝእዋ ከምዝጸንሑ ናይ ቀረባ ታሪኽና እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ መስገደል ባዕዳውያን ጸላእቱ ንኹሉ ሽግራት ተጻዊሩን ገጢሙን ብሓያል ሃገራዊ ወኒ እናተላዕለ ብሰላማዊ ኣገባብ ናጽነቱ ዝረኽበሉ ሓያል ቃልሲ ኣካይዱ እዩ።
ሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሱ ግን ዝኾነ ይኹን ፍትሒ ክረኽበሉ ብዘይምኽኣሉ ካልእ ኣማራጺ ወይ ኣገባብ ቃልሲ ክወስድ ግድን ኮነ። ነዚ ሓያል ተጻዋርነትን ብሰላማዊ መንገዲ ከረጋግጸ ዘይከኣለ ሃገራዊ ናጽነቱ ሓደ መስከረም (1961) ናይ ምጅማር ብረታዊ ተጋድልኡ ዕለት ክትከውን ድማ ገበረ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጀማሪት ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮይና ድማ ተበገሰት። ነዚ ቅኑዕ ተበግሶ ግን ብዘይ ንጹር ፖለቲካዊ መደብ ዕዩ (ፕሮግራም) ንህልውን መጻእን ዘነጸረ ስትራቴጂ ወይ ራኢ ሒዛ ብዘይ ምብጋሳ ቃልሲ ህዝቢ (ሰውራ ኤርትራ) ኣብ ዘይተደልየ ውልቀኣውን ጉጅለኣውን ሕሳባትን ስሚዒታትን ብምጉዝዛይ ቃልሲ ህዝቢ መፍቶት ተበለጽትን ጸረ ስኒትን ኮነ። ከም ውጽኢቱ ድማ ነዚ ድሑርን በታንን ስምዒታት መዝሚዞም ሓይሊ ሰውራ ሰሚሩ ኣንጻር ጸላእቱ ከይገጥም ምግምማዕ መራሕቲ ሰውራ ኣብ ውልቃውን ጉጅለኣውን ሕሳባት ማእከል ዝገበረ ‹ሜዳ ኤርትራ መን በሓተ;› ሓደ ነቲ ሓደ ኣብ ምጥፋእ ተጓየዩ።

ህ/ግንባር ክፍንጨል ከሎ፡ ምስ ኲሎም ድሕረታትን በለጽን ሒዙ ዝቖመ ውድብ ብኡ መጠን ድማ ኣፈጣጥርኡን ኣቃውምኡን ዝዓደሎ ድሑር ጸረ ሓድነትን ዴሞክራስን ኮይኑ ክቕጽል ኣኽኢልዎ እዩ። ኣብ መንጎ እዞም ዝተፈናጨሉ ውድባት ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ህ/ግንባርን ከኣ ብፍላይ ዝኾነ
መሰረታዊ ፍልልያት ዘይነበረን እቲ ዘይቅኑዕ ምትፍናን ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኣገባብ ክፍታሕ ዝግብኦ ሰኣን ቅኑዕ ኣመራርሓን መሪሕን ንውልቃውን ጉጅለኣውን ሕሳባቶም ቅድሚት ሰሪዖም ሜዳ ኤርትራ በይንኻ ገቢትካ ድልየትካ ንምፍጻም ውግእ ሕድሕድ ብምውላዕ ሰውራ ኤርትራ ካብ ዝኽፍእ ናብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ተሸመ። ሰፍ ዘይብል ናይ ሰብን ንዋትን ክሳራ ኣውሪዱ ብኡ መጠን ድማ ሓይሊ ሰውራ ክዳኽምን ሞራል ተቓላሳይ ህዝብን ተጋደልትን ክትንክፍ ጌርዎ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሱ ፈተንቲ ውሽጣውን ግዳማውን ሕልኽላኻት በዲሁ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ብምኽፋል ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ብመሪሕነት ህ/ግንባር ብግንቦት 1991 ነጻ ኤርትራ ብምርግጋጽ ሚያዝያ 1993 ከኣ ብመንገዲ ሪፈረንደም 99.8 እወ ንናጽነት ብምድማጽ ውጽኢት 30 ዓመት ብረታዊ ተጋድልኡ ሕጋዊ መደምደምታ ኣልቢስዎ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ዘምጽኦ ሃገራዊ ናጽነት፡ ኪንዮ ናጽነት ቅዋማዊት ዲሞክራሲያዊት ሃገር ሃኒጹ ዜጋታታ ብሰላምን ስኒትን ዝነብሩላ ሃገር ክትከውን ዝነበሮ ባህግታት ተጠሊሙ፡ ኣብ መዓላ ውሑዳት ጉጅለ ህግደፋውያን ተገቢቱ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ስእነት ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላተ ልዕሊ ዓቐን ሳዕሪሩ ብምልክነት ይመሓደሩ ኣለዉ።

## <u>1. ግህሰት ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ኣብ ህዝብና</u>

ስርዓት ህግደፍ በይናዊ እንኮ ሰልፊ (ውድብ) ኮይኑ፡ ኩሉ መንግስታዊ መሓውር በይኑ ገቢቱ ብምቁጽጻር፡ ሃገር ብዘይ ቅዋም ወይ ሕጊ፡ ህዝቢ ብዘይ ቅንጣብ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰል ንዜጋታቱ ብኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ዘልምስን ዝቕንጽልን ጨካን ጸረ ህዝቢ ተግባራቱ ናይ 18 ዓመት ተሞክርኡ ኣግሂድዎ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ጨቛኒ ስርዓት፡ ኩሉ ዓይነት መሰላቱ ተገፊፉ ናይ ምሕሳብ፡ ምዝራብ፡ ምቁዋም፡ ምድጋፍን፡ ንመንግስቱ ምንቃፍን ወ.ዘ.ተ. ተሓሪምዎ። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ቅድሚ ማዕጸ ገዝኡ ምዕጻዉ፡ ኣፉ  (ነጻ ሓሳቡ ካብ ምሃብ) ካብ ዝሕረም ንዓሰርተታት ዓመታት ኮይንዎ ይርከብ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ማሕበራውን ካልእ ፍሉይ ሓሳብ

ዘልዓሉ፡ ወይ ሕቶታት ኣለዎም ኢሉ ዝጠርጠሮም ዜጋታተት ዝኽተሎ ባርባራዊ ግፍዕታት ክጽብጸቡ ከለው መወዳእታ የብሎምን።

- ስርዓት ህግደፍ ቅድሚ ነጻነት ዝነበሮ ጸረ ስኒት ውድባዊ ፖሊሲ፡ <ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብን ሰራዊትን ንላዕሊ ኣይጸወርን እዩ።> ዝብል ዘይሓድነታዊ ጎነጻዊ ግብራዊ ተሞክርኡ፡ ድሕረ ናጽነት ውን እንተኾነ፡ ብ 20ሰነ 1991 መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ምኽንያት ብምግባር፡ "ብስም ናይ ውድባትን ሰልፍታትን ሓሸውየ ምዝራብን ምሕታትን ብኽቢድ ገበን ከምዝሕተት " ንዝገበሮ ኣዕናዊ ውድባዊ ፖሊስኡ ዳግም ብምሕዳስ ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ስቓይ መርድእ ከምዘርዳኦ ሰነዳቱ ምስክሩ እዮም።
- ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት (6 ሕዳር 1992) ካብ 18-40 ዘሎ ዕድመ ዝሳተፎ ምዃኑ ኣዊጁ። ቀጺሉ ግን ዕድመ ብዘይፈሊ (ትሕቲ ዕድመን ልዕሊ ዕድመን) መፈጸምታ ዘይብሉ ባርነት ህግደፍ ዝህቦ ትእዛዝ <ሰጥ ኢልካ ትፍጽም።> ዝብል ካብ ኩሉ ዓይነት መሰላት ዝሕርም፡ መንእሰያት ኤርትራ ዕሽል ንእስነቶም ንውሑዳት ጉጅለ ህግደፍ ጊላ ምዃን ልዕሊ ዓቐን ስለዝመረሮም ዝፈትውዋ ሃገሮምን ስድርኦምን ሓዲጎም፡ ናብ ሕሱም ናብራ ስደት ምስጠሖም ኣብ ሕበረተሰብ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ስድራቤታዊ ምብትታን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዓሪጉ ከም ዘሎ ንሓልፎ ዘለና ሂወት ብተግባር ምስክርነት ይህብ ኣሎ።

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሃይማኖታትን እምነታትን ክኽተሎ ዝጸንሓ ተግባራት እውን እንተኾነ ጣልቃ መንግስቲ ኣብ ሃይማኖታት ዓገብ ንዝበሉ መራሕቲ ሃይማኖታትን እምነትን ካብ ምእሳር ክሳብ ምእጋድ እምነታት ተሰጋጊሩ። ህዝቢ ኤርትራ ብጸምን ጸሎትን መንፈስዊ እምነቱ፡ ምስ ፈጣሪኡ ከይራኽብ ዝጻባእ ሰይጣናዊ መንፈስ ዝወረሶ ስርዓት ምዃኑ ቅሉዕ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ።

ስርዓት ህግደፍ ብ12 ሓምለ 1994 ኣብ ልዕሊ ፍርቂ ኣካሎም ንናጽነት ዝወፈዩ ኣካለ ስንኩላን (ማይ ሓባር) <መነባብሮና ይመሓየሽ ወይ ፍታሕ ይገበረልና።> ኢሎም ዝሓተቱ ሓርበኛታት፡ ፍትሓዊ ሕትኦም ብኣፈሙዝ (መርሸንቲ) እዩ ተመሊስሎም። ኣብ ዓመተ 2000,20001 ኣብ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲን ምሁራት ኣካላትን ዝተላዕለ ሕቶ፡ ስርዓት ህግደፍ ንሕቶኣኦም ብዓመጽ ኢዩ መሊስሎም። ነቲ ኩነታት ከቃልሓ ዝፈተና ጋዜጠታትን ጋዜጤኛታትን ብተማሃሮን ዝተላዕለ ተቓሞታትን መልሲ ኣረሜነ ስርዓት ህግደፍ፡ ብመጭወይትን ቅንጸላን ብዘይ ፍርድን ፍትሕን ንዓመታት ኣብ ስውር ቤት ማሕዩር ኣሕቒቖዎም ኣብ ስልጣን ይነብር ኣሎ።

ብጥምሮ ሓሳብ ግህሰት ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ኣብ ህዝብና፡ ናይ ቅድሚ ናጽነት ጸረ ስኒት ተግባራት ህ/ግንባር ውንዙፍ ጌርና፡ ካብ 1991 ድሕሪ ናጽነት ህ/ግንባር (ህግደፍ) ከም መንግስቲ ካብ ዝጽብጸብ ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ በደላት፡ ብዘይካ እቶም ብዓይንን እዝንን ማሕበረሰብ ዓለም ዝርኣዩን ዝስምዑን፡ ካልኦት ስውራት ኣሰቀቕቲ ተግባራት በቲ ስርዓት ዝተፈጸሙ ገበናት ማእለያ የብሎምን። ንጹሃት ዜጋታት ከም ጨው ሓቒቆም፡ ገበናት ስርዓት ህግደፍ ኣብ ናይ ጽባሕ ሓቀኛ ፍትሕን ርትዕን ቀሪቡ ብታሪኻዊ ገበን ከምዝርታዕ ዘማትእ ኣይኮነን።

## 2. <u>ቁጠባዊ ኩነታት ሃገርናን</u> <u>ገባቲ ስርዓት ህግደፍን</u>

ኤርትራ ብሰንኪ ገዛእቲ ሓይልታት ባዕዲ፡ ቁጠባዊ ትሕዝቶኣ ገሪውረው ኢሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምናልባት እውን ንመጻኢት ኤርትራ ሰረት ወይ መበገሲ ክኾና ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝግመት፡ ናይ ምዕባለ ኣንፈት ዝነበሮም ነኣሽቱ ትካላትን መራኸቢታትን፡ ኮነ ኢሎም ብፍላጥ ዓንዮምን ተዘሚቶምን እዩም። ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓምት ብረታዊ ተጋድሎ፡ 1991 ኣብ ኢድ ዜጋታታ ዝተረከበት ሃገር ብዘይካ እቲ ጻዕራም ህዛባን ፍርያም መሬታን ንሃገራዊ ቁጠባኣን ንመጻኢ ምዕባለኣን መንጸፍ (ኣንፈት) መበገሲ

ዝኾውን ንኡስ ትሕዝቶ ዘይነበራ ሓዳስ ድኻ ሃገር ዝተረከብና ምኺንናስ፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ እውን ዝሰማማዓሉ ሓቂ እዩ።

ኤርትራ ድሕሪ ምእላይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝጸነተ ቁጠባኣ ቁልጡፍ ዳግመ ህንጸትን ሕውየትን ዝጠልብ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብቲ ተመሳሳሊ እዋናትን ድሕሪኡን ከኣ ሓድሽ ክውንነት ንዓለምና ናብ ሓንቲ ቁሸት ዝቐየረ ዓለማዊ ቁጠባዊ ምትእስሳር ልዕልነቱ ዘረጋግጸሉ ኩነት ምንባሩ እውን ዝፍለጥ እዩ። እዚ ከኣ ንናይ ነጻ ዕዳጋ ቁጠባዊ መርሆ ግደነታዊ ዓለማዊ ክውንነት ገይርዎ እዩ።

ስለዚ ኣብታ ብዓለማዊ ቁጠባዊ ምትእስሳር ናብ ሓንቲ ቁሸት ዝተቐየረት ዓለምና፡ ኣብ ናይ ነጻ ዕዳጋ ውድድር ኣቲኻ ንክውንነት ቁጠባ ሃገረና ዝምጥን ናይ ስራሕ ብጽሒትካን ኣድማዕነትካን ዘማእዝን ቁጠባዊ ረብሓታት ሓፋሽ ህዝብታትና ዘበራብርን ንብሕታውያን ኣውፈርቲ ሰብ ርእሰ ማል ዘተባብዕ ምዕሩይ ምሕደራን፡ ጥዕና ዘለዎ ፖለቲካዊ ስርዓትን ንምርግጋጽ ናይ ዳግመ ህንጸትን ሕውየትን ኤርትራ ሓያል ብድሆ ነበረ።

እቲ ካብ በረኻኡ ናይ ውሑዳት ጉጅለ (ኢሰያስ ኣፈወርቂ) ገደብ ኣልቦ ውልቀ ምልክነት ዝረዓመ መሪሕነታዊ ጭፍራ ህ.ግ.ሓ.ኤ (ህግደፍ)፡ መጻይ ባህርያቱ ግን ነዚ መድረኻዊ ዕማም እዚ ዝገጥም ስርዓት ወይ ፖሊሲ ክተኽተልን ክተክልን ኣይከኣለን። በኣንጻሩ ብሰንኪ እቲ ተናኻስን ኣዕናውን ናይ ወጻኢ ፖሊስኡን ኣብ ዳግመ ህንጸት ሃገርና ኣወንታዊ ኣበርክቶኦም ክህቡ ዝኽእሉ ዝነበሩ ተሻረኽቲ ሃገራት፡ ፋይናንሳዊ ትካላትን ገበርቲ ሰናይ ማሕበራትን ብኣካያይድኡ ተሰናቢዶም ሓገዞም ክነፍግዎን ክጽየፍዎን ኮይኖም እዮም። ጭቡጥ ኣብነት ገባቲ ቁጠባዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ዝምጥኑ ሓቅታት ድማ፡-

1. ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ <መሬት ኣብ ትሕቲ መንግስቲ እዩ።> ብዝብል ጉልባብ፡ ዝሰፍሓን ዝሰብሕን ናይ ሕርሻን ትካላትን መሬት ካብ ሓፋሽ መንጢሉ ንውሑዳት ጀነራላትን ንስልጣኑ ዝቐረቡዎ መጋበርያ እቲ ስርዓት ወኒኖሞ ከም ድልየቶም ተጋላቢጦም ይህብትሙሉ ምህላዎም።
2. ብስም ግዱድ ጥሙር ማሕረስ ኣብ መላእ ሕ/ሰብ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ጻዕራም ሓረስታይ ህዝብና ጥሙር ድኽነትን ጥምየትን ኣተኣታትዩ ኣብ ልመናን ተመጽዋትነትን አወዲቑዎ ኢዩ።
3. ንሃገራውያን ኣውፈርቲ ሰብ ርእሰ-ማል ልዕሊ ዓቕሞም ግብርን ቀረጽን ብምጽዓን ኣኽሲሩ፡ ብምውራስን ኩሉ ትካላትን ጸጋታት ሃገር ብምግባት ዋጋታት ግዝያዊ ሃለኽቲ ምርግጋእ ተሳኢንዎ ህዝብና ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ድኽነት ተነቒቱ።
4. መጻዩ ጉጅለ ስርዓት ህግደፍ ልክዕ ከምቶም ካልኦት መጸይቲ ስርዓታት ገደብ ኣልቦ ኮይንዎ፡- ካብ ምዝመዛ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ሓሊፉ ንጎረባብቲ ሃገራት ዝህውኽ ዘይሕጋዊ ንግድን ዘይፍርያትካ ምዝማትን ዝልለ ኣጸያፊ ናይ ወጻኢ ፖሊስኡ ቀንዲ ሕላገቱ ምኻኖም ።
5. ዕላማ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንኹሉ ቁጠባታ ሃገርን ጸጋታትን ዕዳጋትትን ብምቁጽጻር ብምዝመዛን ራስያን ህዝብታት ኤርትራ ዝሃብተመ ናይ ውሑዳት ህግደፋዊ ጉጅለ ንምህናጽ በቲ ሓደ

ወገን በቲ ካልእ ከኣ ንመላእ ህዝብታት ኤርትራ ናብ በተኽ (ድኻ) ቀይርካ ብዘይ ክፍሊት ኣገልጋልን ከዳምን ናይቲ ስርዓት ገይሩ ኣብ ስልጣን ምንባር እዩ፡ ይነብር ከኣ ኣሎ።

## ስርዓት ህግደፍን ብሄራዊ ወጽዓን ኣድልዎን ኣብ ሃገርና

ብሄራት ኤርትራ ብስኒትን ሓድነትን ብዘይኣፈላላይ ብንቑሕ ሃገራዊ ሓድነት ኣንጻር መግዛእቲ ተቓሊሶም ናጽነቶም'ኳ ውሑስ እንተገበሩ ብሰንኪ እቲ ኣዋሳንን ኣናጃትን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ተጠቂምቲ ናጽነት ክኾኑ ኣይከኣሉን።

ስርዓት ህግደፍ ኩሉ ዓይነት መሰል ዜጋታት መንዚዑ፡ ኣብ ስልጣን ዘንብሮ ረቒቕ ስልቲ ብምኽታል፡ ካብቲ ሓደ ብሔር ናብቲ ካልእ ብሔር ዝቐረበ ብምምሳል ጽልእን ዘይምትእምማንን ኣተኣታትዩ። ንሃገራዉን ብሔራውን ሓድነትና ናብ ሓደገኛ ኣንፈት ከማእዝኖ ይርከብ።

ብሄራት ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ዝነበሮም ባህግታት ሰላም ዲሞክራሲ ስኒትን ምዕባለን ንምርግጋጽ፡ ብኽቢድ ዋጋ ሂወትን ንብረትን ከፊሎም ዘምጽእዋ ሃገር ብጠላም ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ክብርታቶምን መሰላቶምን ተረጊጹ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሔራዊ መንነቶም እውን ብዕላዊ መግለጺታት መራሒ ህግደፍ <ናይ ቋንቋ ጉጅለታት እምበር ብሔራት የለዋን> ኢሉ ክሒድዎም እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብሄራት ኤርትራ ከኣ ብፍላይ ብሄራዊ ወጽዓን ኣድልዎን ስርዓት ህግደፍ ሓያል ቁጠዐ ፈጢርሎም፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብሄራዊ ሕቶን ደሞክራሲያዊ ውዳቤታትን ኣዕኺኾም፡ ኣብ መስርሕ መሰረታዊ ለውጢ ንደሞክራሲያዊት ኤርትራ ከኣ እጃሞም ከበርክቱ ይርከቡ።

## ህልው ኩነታት ውድባት ኤርትራ

መላግቦ ህዝብታትናን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ብ1993 ድሕሪ ረፈረንደም ኣብቂዑ ስርዓት ህግደፍ ናብ ፍጹም ጸረ ሰላምን ዴሞክራስን ምስ ተሸመ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክንዮ ናጽነት ዝተቓለሰሉ ዲሞክራሲያዊ ዕላማታት ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ፡ ሜዳ ኤርትራ ዝወለዶም ነባራት ውድባትን ፖለቲካዊ ውድዓውነት ሃገርና ዝፈጠሮም ሓደሽቲ ውድባትን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ውደባን ጥርናፈን ኣዕኩኾም ክቃለሱ ጸኒሖምን ኣለውን።

ውድባት ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሃገርና፡ ኩሉ ዝተማልኣ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን ቅዋማዊ ስርዓት ዘውሓሰት ብልጽግቲ ሃገር ንምህናጽ፡ ክካየድ ዝጸንሓ ቃልስን ዝተኸፍለ መስዋእትን፡ ብሰንኪ ጸኒሓዊ ዘይ ቅኑዕ ኣካይዳ ውድባትና ጠለብ ህዝብታትናን ሰውራናን ብኣግኡ ሸትኡ ክሃርም ኣይከኣለን።

ፍሉይ ኣጋጣሚ ኮይኑ ክበሃል ይከኣል ካብ 1999 ውድባትና ንዝነበሮም ኣካይዳ ብምእራም ኣብ ሓደ ሃገራዊ ጽላል (ቻርተር) ምስምምዖም ኣገዳሲ ጉዳይ ኮይኑ፡ ብመንጽር ጠለብ ህዝብን ሀገርን ክምዘን ከሎ ግን ዓይነታዊ ለውጥስ ይትረፍ ዓቐናዊ ለውጢ እውን ከመዝግብ ከማዘይከኣለ ኢና ንግንዘብ።

ራኢና ኣብ ሕቶ ሓድነት፡- ሓድነት ናይ ርሑቕ ይኹን ናይ ቀረባ ዕላማታትካ ንምዕዋት ዝካየድ መስርሕ ቃልሲ ኣገዳሲ ረቛሒ ኮይኑ፡ ውጽኢት ቃልስኻን ዕላማኻን ከኣ መሰረታዊ ረብሓ ህዝብታትካ ንምምላስ ዝካየድ ሓያል ፖለቲካዊ ኩናት እዩ፡፡

ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ዕላማን ዘለዎም ውድባት (ፓርቲታት) ክዕንብቡ ንመስርሕ ዴሞክራሲያዊ ምዕባለን ንብዙሕነታዊ ክውንነትካ ዘንጸባርቕ <ኣወንታዊ ስጉምቲ እዩ፡፡> ኢልካ እኳ እንተተመዘነ ብመንጽር ፖለቲካዊ ውድዓውነት ሃገርናን ጠለብ ህዝብታትናን ክውንነት ውድባትናን ክምዘን ከሎ ግን፡ ዘይቃዶ ኣንጻራዊ ሓሳብን ተግባርን ኮይኑ ንረኽቦ፡፡

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብዚ ወሪደና ዘሎ ናይ ጥፍኣት ሓደጋ ንምድሓን እምበር፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ውድባዊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም መሰረታዊ ናይ ስነሓሳብ ፍልልይ ዘይብሎም ሓይልታት፡ ኣብ ሓደ ውድብ ወይ ስጡም ግንባር ተጠርኒፍም ምቅላስ ውድዕነት ዝጠልቦ ዘሎ ሓቂ እዩ፡፡

ብኣና ወገን ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ምስ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ግብራዊ ኣካይዳን ዝማሳሰሉና ውድባትን ምንቅስቓሳትን ብመስርሕ ኣብ ሓደ ውድብን መሪሕነትን ተጠሚርና ክንቃለስ መትከላዊ እምነትና'ዩ፡፡ ምስ ብስነሓሳባውን ፖለቲካውን ራኢና ፍልልያት ዘለዎም ውድባት ድማ ሓሳባትና ብምክብባር ኣብ ዘራኽቡና ነጥብታት ሓቢርካ ብምስራሕ፡ ንዝፈላልዩና ነጥብታት ከኣ ብናይ ሓባር ቃልሲ ብምጽባብ፡ መትከላት ናይ ሓድነትን ቃልስን ብምእማን ንጸረ ሰላምን ጸረ ዲሞክራሲን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ጠለብ ህዝብታትና ኣብ ሽትኡ ንምብጻሕ ኩሉ ግዜ ድልውነትና ነረጋግጽ፡፡

## ዝርዝር ዕላማታት ፖለቲካዊ መደብ ዕዩ

### 1. ሕብረ ሰልፋዊ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናጽ

1 ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍን ናይ ዓፈና ትካላቱን ብምውጋድ ኩሉ ክብርታትን ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ህዝብታት ኤርትራ፡ ዘረጋግጽ ሕብረ ሰልፋዊ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናጽ፡፡

2 መሬታውን ማያውን ኤርትራ ምውሓስ፡፡

3 ኩሎም ናይ ጭፍጨፋን ምዝመዛን ትካላት ስርዓት ህግደፍ ብምድምሳስ፡ ካብቲ ዝተሓተ ቁሸት ክሳብ እቲ ዝለዓለ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ሓፋሽ ንቑሕ ሱታፌ ዘተኣናግድ ብዲሞክራሲያዊ ምርጫ ወናኒ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ክኸውን ምቅላስ፡፡

4 ሓድነት ህዝብታት ብሔር ብሔረሰባትን ሃገረ ኤርትራ ዘውሕስ፡ ዲሞክራሲያዊ ቅዋም (ሕገ መንግስቲ) ብምሉእ ሱታፌ ህዝቢ ኤርትራ ክጸድቕ ምቅላስ፡፡

5 ኣብ ሞንጎ ውድባትን ሰልፍታትን ዝካየድ ናይ ስልጣን ውድድር፡ ሰለማውን ዲሞክራሲያውን መትከል ይኽተል፡፡

6 ኣብ መንጎ ሰልፍታትን ውድባትን ኣገባብ ስልጣን ብመሰረት ናይ ህዝብታት ኤርትራ ውሳኔ ዝጸድቕ ቅዋም ኤርትራ ሕጋውን ሰላማውን ናይ ስልጣን ምቅብባል ምእማንን ምምእዛዝን፡፡

7 ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ማዕረ ኮይነን፡ ትግርኛን ዓረብን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ ክኾና ንኣምን፡፡

8 ካብ ዝተሓተ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ስልጣንን ጸጋ (ሃብቲ) ሃገር ምዕሩይን ፍትሓውን ዝርግሓ ክረጋገጽ ምቅላስ፡፡

9 ሓፈሻዊ ብሓበራዊ ኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን ምምእዛዝ፡፡

## <u>2. ምኽባር ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ብዝምልከት</u>

1 ህዝቢ ኤርትራ ብዝደልዮን ንዝኣምነሉን ዓይነት ውደባ ክውደብ መሰላቱ ሕልው ይኸውን።
2 ህዝቢ ናይ ምጽሓፍ፡ ምዝራብ፡ ምቅዋምን ምድጋፍን ሙሉእ መሰል ብዘይ ገደብ ይህልዎ። ንግብራውነቱ ድማ ምቅላስ።
3 ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ናብ ነጻ ናይ ምንቅስቓስ (ምጋሽ) መሰሉ ሕሉው ይኸውን።
4 ናጽነትን ማዕርናትን ናይ እምነታት (ሃይማኖታት) ምርግጋጽ። ሃይማኖት ካብ መንግስቲ፡ መንግስቲ ካብ ሃይማኖት (እምነታት) ምትእትታው ነጻን ናጽነትን ይህልዎም።
5 ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብዘጽደቆ ሃገራዊ ቅዋም፡ ንመንግስቲ ናይ ምድጋፍን ምቅዋምን መሰሉ'ዩ። ዜጋታት ክመርጹን ክምረጹን መሰል ይህልዎም።
6 ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ኩሉ መዳይ ሕሉው ይኸውን
7 ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ምኽባር።
8 ናይ ሕጊ እሱር ነብሰ ምክልኻሉ ሕሉው ኮይኑ፡ ዘይ ሕጋዊ ኢሰብኣዊ ጉድኣታት ከይ በጽሖ ብሕጊ ምውሓስ
9 ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ ምስራሕ መሰሉ ሕሉው ኮይኑ፡ ንብረት ክውንን ምሉእ መሰል ይህልዎ።
10 ነጻ ናይ ሕግን ፍትሕን ኣካል (ትካል) ምቆም።

## <u>*3, ንቢሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ፡ ንመሰል ርእሰ ውሳነኦም፡ ባዕሎም ናይ ምውሳን መሰል ክሳብ ምግንጻል ብመትከል ምእማን*</u>

1. ኣብ ልዕሊ ቢሄራት ኤርትራ ንዝግበር ጭቆናን ኣድልዎን ዲሞክራስያዊ ፍታሕ ክረክብ ምቅላስ።
2. ቢሄራትን ቢሄረ-ሰባትን ኤርትራ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ዕድል ባዕሎም ናይ ምውሳን መሰል ይህልዎም።
3. ሐድነት ቢሄራትን ቢሄረ-ሰባትን ኤርትራ፡ ዘላቕን ዘተኣማምንን ዝኸውን፡ ብናይ ኩሎም ነጻ ዕግበት፡ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ምስ ዝምስርቱ ጥራሕ ኢዩ።
4. ኣብ ማእከላይ ሃገራዊ መንግስቲ ምዕሩይ ምምቕራሕ ስልጣንን፡ ጸጋታት ሃብቲ ሃገርን ናይ ምክፋልን ምስታፍን ምሉእ መሰል ይህልዎም።
5. ከባቢኣኦም ከማሓድሩን ብቋንቋኦም ክመሃሩን፡ ባህሎምን ታሪኾምን....ወዘተ ክዕቅቡን ከማዕብሉን መሰሎም ኢዩ።
6. ንነጻ ውሳነ ቢሄራትን ቢሄረ-ሰባትን ኤርትራ ምቕባልን ንተግባሪኣኡ ምቅላስን።
7. ኩሎም ቢሄራትን ቢሄረ-ሰባትን ኤርትራ ኣብ ምህናጽን ምክልኻልን ሃገር ማዕረ ግቡእን መስልን ይህልዎም።
8. ኣዕናዊ ቢሄራዊ ትምክሕትን ጽበትን ንምውጋድ ምቅላስ።
9. ቢሄራትን ቢሄረ-ሰባትን ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳኒኦም፡ ክሳብ ምግንጻል (ብዘይ ገደብ) ክረጋገጸሎም ምእማን።

## <u>4, ቁጠባዊ መደብ ዕዮ</u>

1. መስርሕ ዳግመ ህንጸት ኤርትራ፡ ንቁጠባዊ ምዕባለ ዘውሕስ ምዝመዛ ዝወገደ ነጻ ዕዳጋ ቁጠባዊ ፖሊሲ ምኽታል።
2. ስርዓት ህግደፍ ዝውንኖ ገንዘብን ንብረትን ኣብይትን፡ ንብረት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኢዩ።
3. ስርዓት ህግደፍ ካብ ህዝቢ ዝዘመቶ ኩሉ ንብረትን ኣብይትን ብጹፉፍ መጽናዕቲ ናብ ዋናታቱ ይምለስ።

4. ንደቂ ሃገር ሰብ-ርእሰማል ዘተባብዕን ቀዳምነት ዝህብን ቁጠባዊ ፖሊሲ ምኽታል።
5. ምስ ቁጠባዊ ስትራተጂን ሃገራዊ ጸጥታን ዘየዳፋእ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ሰብ-ርእሰማል፡ ምትብባዕን ውሕስነት ምሃብን።
6. ናይ ገጠርን ከተማን መሬት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ መንግስቲ ኮይኑ፡ ዘይሸየጥ ዘይ ልወጥ ናይ ብሄራትን ብሄር-ሰባትን ኤርትራ ሓበራዊ ሃብቲ ኢዩ።
7. ባሕርና ካብ ብከላ ምክልኻል።

## 5, ሕርሻዊ መዳይ

1. ሓረስታይ ሃገርና መሬቱ ብግቡእ ክዕቅብን ክካናኸንን ምህርቱ ከሰስንን ምትብባዕ።
2. ፍትሓዊ ናይ መሬት ምድልዳል ክህሉ ምግባር።
3. ፍርያምነት ዘጎልብቱ ሞያዊ ደገፍ፡ ዘራኢ ዘመናዊ ናውቲ ማሕረስ ከተኣታቱዉ ምትብባዕ።
4. ሓረስታይ ህዝብና ነጻ ናይ ፍርያቱ ተጠቃሚ ኮይኑ፡ ናይ ዕዳጋ ኣፍልጣኡ ክዓቢ ምቹእ ኩነት ምፍጣር።
5. ሰበኽ ሳግም ሕብረተሰብና፡ ካብቲ ዘሕልፍዎ ናይ ከርተት መነባብሮ ዘናግፍ፡ ብነጻ ዕግበቶም ቀዋሚ መነባብሮ ዘሕልፍሉ ሂወት ክጣየሱ ምግባር።
6. ብዓሳ ምግፋፍን መጓሰን ዝነበር ሕብረተስብና፡ ኣድላዪ ክንክንን ሐገዝን ምግባር።
7. ባህርያዊ ሃብቲ ሃገር ኣግራብን እንስሳን ከይበርሱ ምክልኻል።
8. ሰብ ርእሰማል ደቂ ሃገር ኣብ ሕርሻ ምርባሕ እንስሳን ሃብቲ ባሕርን ርእሰማሎም ከውፍሩ ምትብባዕ።

## 6. ኢነዱስትሪያዊ መዳይ

1 ኣብ ነጻ ዕዳጋ ናይ ምውድዳር ዓቕሚ ዘለዎ ምህርቲ ምፍራይ
2 ሃገራዊ ርእሰማል ብምውህላል ብሓደ ወገን፡ ደረጃ ብደረጃ መነባብሮ ናይ ሓፋሽ ኣብ ምምሕያሽ ከኣ በቲ ካልእ ወገን፡ ዝነጥፍ ኢንዱስትሪያዊ ናይ ልምዓት ስትራቴጂ ምኽታል።
3 ኣብ ልምዓትን ህንጸት ሃገርን ኣገዳሲ እጃም ንዘለዎም ሃገራውያን ሰብ ርእሰ ማል (ብሕታውያን ኣውፈርቲ) ኣብ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለ ክዋፈሩ ምትብባዕ።
4 ከም ኣድላይነቱ ብሕታውያን ኣውፈርቲ ርእሰ ማል ምስ መንግስቲ ብምሽራኽ፡ ኣብ ማዕድንን ናይ ወጻኢ ርእሰ ማል ኣብ ቁጠባዊ ዓውድታት ዝዋፈሩሉ ኩነታት ምጥጣሕ።
5 መንግስቲ ነዚ ናይ ምዕባለ ኣንፈት ዘቃላጥፍ ዝርግሐ ትሕተ ቅርጺ ጸዓትን ካልኦት ኣገደስቲ ዕማማትን ንጡፍ ኣበርክትኡ ይህብ።
6 ፍርያት ውጽኢት ሕርሻን ኢንዱስትርን ናይ ወጻእን ኣታውን ንግዲ መሰረታዊ ጠለባት ህዝቢ ኤርትራ ዝምልስን ዕዳጋ ዘረጋግእን ይኸውን
7 ዘይ ሕጋዊ ንግዲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምእታው

## 7. ማሕበራዊ መዳይ

1 ምዕቡል ባህልን ልምድን ሕብረተሰብና ከም ስራሕ ምትሕግጋዝ ምክእኣልን ተጻዋርነትን ዝሕላገቱ ክብርታትና ምዕቃብ።
2 ድሑራትን ጸረ ስራሕን ዝኾኑ ጎዳእቲ ልምድታትን ምውጋድ።
3 ብኣህጉራዊ መለኪዒታቱ ዝልለ ትምህርታዊ ፖሊሲ ብምኽታል ትምህርታዊ ኮሌጃትን ዩኒቨርሲቲታትን ክሰፍሑ ምግባር።
4 ብኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ጥዑይ ዜጋ ክህነጽ ናይ ጥዕና ትካላት ክሰፍሑ ምግባር።
5 ናይ ሰራሕተኛታት ዝተሓተ ደሞዝ ብሕጊ ክውሰን ምግባር።
6 ናይ ሰራሕተኛታት ግቡእ ናይ ስራሕ ሰዓታትን ሰሙናውን ዓመታውን ዕረፍቲ ብሕጊ ክኽበር ምግባር።

7 ስራሕ ጸታ ዘይፈሊ ኮይኑ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ይኽፈል።
8 ንመሰል ሰራሕተኛታት ዝጣበቕ ነጻ ሕጊ ዕዮ ምቛም።
9 ቁጠባዊ ዓቕሚ (ሃገራዊ እቶት) ኣብ ግምት ዘእተወ ኩሉ ረድኤት ዘድልዮ ወገን ክሕገዝ ምግባር።

## 8. ሓይልታት ምክልኻል (ሃገራዊ ሰራዊት)

1 ረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘኽብር ንዲሞክራሲያዊ ቅዋም ዝከላኸል ብቑዕ ህዝባዊ ሰራዊት ምህናጽ።

1 ጸረ ህዝቢ ወታደራዊ ትካል ስርዓት ህግደፍ ምእላይ።

2 ሓይሊ ምክልኻል ሃገር ምዕሩይ ብሔራዊ ሱታፌ ካህልዎ ምግባር።

3 ካብ ገበናት ነጻ ዝኾኑ ወተሃደራት ኤርትራ (ህግደፍ) ብነጻ ዕግበቶም ኣካል ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ክኾኑ ይኽእሉ።

4 ኣብ ሃገራዊ ምክልኻል ሱታፌ ዜጋታት ኣብ ነጻ ዕግበቶምን ብቕዓቶምን ይምርኮስ።

## 9. ናይ ወጻኢ ፖሊሲ

1 ኣብ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ልኡላውነት ሰላምን ነጻ ፖለቲካዊ ውሳነን ዝሰረተ ኣብ ናይ ሓባር ማዕርነታዊ ረብሓታትን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ኢድ ዘይምትእትታው ዝኣምን ናይ ወጻኢ ጉዳይ ፖሊሲ ዝኽተል ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምህናጽ ይቃለስ።

2 ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝግበር ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ፍሉይ ኣድህቦ ብምሃብ፡ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ምውሓስ ብሓደ ወገን፡ ኣብ ናይ ሓባር ማዕርነታዊ ረብሓ ዘትከለ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ንምስልሳል ከኣ በቲ ካልእ ወገን ምቅላስ።

3 ብሕጋውን ዲፕሎማሲያውን መሰላቱ ተጠቒሙ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታቱ ይጣበቕ።

4 ኩሎም ዝፍጠሩ ዓይነት ግርጭታት፡ ብሕጋውን ሰላማውን ዲሞክራስያውን መገዲ መዕለቢ ክረክብ ምቅላስ።

***ቅኑዕ መስመርን ንቑሕ ሓፋሽን ሒዝና ክንዕወት ኢና!!***

***ውድቀት ንፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ***

***ክብርን መጓስን ንስዉኣትና***

*ስ.ዲ.ተ.ኤ*

*26 ጥቅምቲ 2009*